# ፖለቲካዊ ተሳትፎ ህዝብና ክብ ንምባል ንጽዓር

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 23.04.2008

ፖለቲካዊ ተሳትፎ ማለት፡ ተራ ዜጋታት ንርእይቶ ናይ መራሕቲ መንግስታት ይኹን ንርእይቶ ናይ መራሕቲ ሰልፍታትን ውድባትን ንምጽላው ዝገብርዎ ጻዕርታት ኢዩ። ፖለቲካዊ ተሳትፎ ብብዙሕ መልክዓት ዝግለጽ ኢዩ።

1. ርእይቶኻ ብቓል ወይ ብጽሑፍ ምግላጽ፡

ተሳትፎይ ለውጢ ክምጽእ ይኽእል ኢዩ ዝብል ዕግበት ዘለዎም ዜጋታት ናብ መራሕቶም ተለፎን ብምድዋል፡ ርእይቶታቶም ኣብ ጋዜጣታት ብምስፋር፡ ናይ ዜጋታት ክታማት ብምእካብን ናብ ዝምልከቶ ኣካል ብምልኣኽ፡ ቅሉዕ ደብዳቤ ናብ መራሕቲ ዝብል ጽሑፍ ብምዝርጋሕ፡ ህዝቢ ኣኪቦም መግለጺታት ብምሃብ ...ወዘተ መልእኽትታቶም የመሓላልፉ።

ከም'ዚ ዝዓይነቱ ተሳትፎ፡ ሓድሓደ ግዜ ኣብ ክሊ'ቲ ናይ'ታ ሃገር ሕጊ ዘፍቅዶ ቀይድታት ኢዩ ዝፍጸም። መብዛሕትኡ ግዜ ግን፡ ሰማዒ እዝኒ ስለዘይረክብ፡ ንሕጋዊ ቀይድታት ክጥሕስ ዝግደደሉ ኣጋጣሚታት ኢዩ ዝፍጠር።

መራሕቲ መንግስትን ሰልፍታትን ድማ፡ ናይ ህዝቢ ስምዒታት ምፍላጥ ስለዘገድሶም፡ ናይ ህዝቢ ቅሬታታት ዝሰምዕ ትካላት ብምቛም፡ ናይ ስለላ ትካላቶም ብምውፋርን ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ዜና ማዕከናት ዝቃልሑ ወይ ውን ከይተቓልሑ ዝተርፉ ትሕዝቶታትን ብምንባብን ብምስማዕን ይከታተሉ ኢዮም።

2. ስሩዕ ፖለቲካዊ ተሳትፎ

እዚ መልክዕ ናይ ተሳትፎ'ዚ ድማ፡ ኣብ'ታ ሃገር ኣብ ዝካየድ ስሩዕ ናይ ምርጫ መስርሕን ኣብ ሪፈረንደምን ብምስታፍ ንፖሊሲታት ናይ'ቲ ስርዓት ንምቕያር ወይ ንምጽላው ዝግበር ፈነተ ዘጠቓልል ኢዩ። እቲ ኣብ'ዚ ክፍሊ'ዚ ዝርከብ ዝውቱርን ዝያዳ ኣድማዕን ዝኾነ ተሳትፎ ግን፡ ተመሳሳሊ ርእይቶ ዘለዎም ሰባት፡ ሓደ ሰልፊ ወይ ውድብ መስሪቶም፡ ንርእይቶ ናይ ሕብረተ-ሰቦም ይኹን ንፖሊሲታት ናይ መራሕቲ መንግስታቶምን ውድባቶምን ንምጽላው ዘካይድዎ ጻዕርታት ኢዩ።

3. ማሕበራዊ ምንቅስቓሳት (Social movements)

እዚ መልክዕ ናይ ተሳትፎ ድማ፡ ሓደ ወይ ተመሳሳሊ ሞያ፡ ዕድመ፡ ጾታ ...ወዘተ ዘለዎም ዜጋታት መሰላቶም ንምኽባር ብማሕበራት ወይ ንቓባት ተጠርኒፎም ርእይቶኦም ዝገልጽሉን ንርእይቶን ፖሊሲታት ናይ መራሕቶምን ንምቕያር ዝገብርዎ ጻዕርታት ዝገልጽ ኢዩ።

ኣብ ከም'ዚ ዝዓይነቱ ተሳትፎ፡ ሓደ ናይ ሞያ ማሕበር ኣብ ልዕሊኡ ንዝፍጸም በደል ንምቅዋም ሰላማዊ ሰልፊ ወይ ኣድማ ይገብር። ኣብ ጉዕዙ፡ ካልኦት ናይ ሞያ ማሕበራት እናተጸንበርዎም ናብ ኣዝዩ ሰፊሕ ዝኾነ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ክቕየር ይኽእል። እቲ ምንቅስቓስ ብትሕተ ዝበለ ጠለባት መብዛሕትኡ ኤኮኖምያዊ ወይ ድማ ናይ ስራሕ ወይ ናይ ትምህርቲ ዥነታት ይመሓየሸልና ብዝብሉ ሕቶታት ጀሚሩ ናብ ፖለቲካዊ ጠለባት ክሰጋገር ይኽእል። መሪሕ እንተደኣ ረኺቡ ለውጢ ክምጽእ ይኽእል ኢዩ። መሪሕ እንተደኣ ስኢኑ

ከኣ፡ ንቐጽል'ዶ ኣይንቐጽል ኣብ ዝብል ሕቶታት ተፈላልዩ ክበታተን ውን ይኽእል ኢዩ። ወይ ድማ ገለ ሞያዊ ጠለባቱ ተመሊሰሉ ናብ ንቡር ሃለዋቱ ክምለስ ይኽእል ኢዩ

4. ናይ ድኹማን መሳርሒ፡

ኣብ ዘይዲሞክራስያውያን ስርዓታት ዜጋታት ሰልፍታት ከቑም፡ ናይ ሞያ ማሕበራት ክምስርቱ፡ ብናጽነት ክዛረቡ፡ ክውደቡ፡ ክጽሕፉ ወዘተ ኣይፍቀደሎምን ኢዩ። ኣብ ከም'ዚ ዝዓይነቶም ስርዓታት፡ ዜጋታት ብጋህዲ ኣንጻር መራሕቶም እንተደኣ ተላዒሎም ኣደዳ ማእሰርትን ምስጓግን ቅትለትን ከይኰኑ ስለዝሰግኡ፡ ጕድኣት ከውርደሎም ዘይክእል ኣገባብ ተቓውሞ (passive resistance) ብምጥቃም ኢዮም ጽልዋታቶም ከሕድሩ ዝፍትኑ። ኣብ'ዚ፡ እቲ ተሳትፎ ብደረጃ ውልቀ-ሰብ ኢዩ ዝግበር። ንኣብነት፡ መራሕቶም ዘመሓላልፍዎ ትእዛዛት ዘይምፍጻም፡ ግብሪ ወይ ቀረጽ ዘይምኽፋል፡ ኣብ ምርጫታት ዘይምስታፍ፡: ዋዛ ኣምሲሎም ድላዮም ብምዝራብ፡ ናይ መግቢ ናይ ምሕሳም ኣድማ ምግባር ...ወዘተ ተሳትፎኦም ዝገልጽሉ ኣገባብ ኢዩ። እዚ ድማ'ዩ ናይ ድኹማን መሳርሒ ተባሂሉ ዝጽዋዕ። ናይ ድኹማን መሳርሒ ደኣ ተባሂሉ ይጸዋዕ እምበር፡ ጽልዋኡ ወይ ኣሰሩ ግን ኣዝዩ ዓቢ ኢዩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ መልክዕ ናይ ተሳትፎ ኵሉ ወለንታዊ ኢዩ። እቶም ተሳተፍቲ ብናይ ገዛእ ርእሶም ዕግበትን ፍቓድን ዝገብርዎ ተኻፋልነት ኢዩ። ብድርኺትን ፍቓድን ናይ መራሕቲ መንግስታት ዝግበር ሰላማዊ ሰልፍታትን ዝካየድ ምርጫታትን ውን ኣሎ። እዚ ግን፡ ዕላማታቱ ነቲ ዘሎ ናይ መንግስቲ ፖሊሲታት ንምጽላው ወይ ንምቕያር ዘይኰነስ፡ ከምዘለዎ ንኽቕጽል ዘተባብዕ ኢዩ። ኣብ'ቲ ምርጫታት ውን፡ ብዘይካ ናይ'ቲ መንግስቲ ደገፍቲ ካልኦት ተወዳደርቲ ክሳተፉ ስለዘይፍቀደሎም ሓቀኛ ተሳትፎ ኢዩ ተባሂሉ ክዝረበሉ ኣይክእልን ኢዩ። እዚ፡ ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ብመልክዕ ትእዛዝ ዝወረድ ተሳትፎ ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኵሉ ዜጋ ኣብ ፖለቲካ ይሳተፍ'ዩ ማለት ከምዘይኰነ ብሩህ ክኸውን ይግባእ። ብርክት ዝበለ ቍጽሪ ዘለዎም ኣባላት ናይ ሕብረተ-ሰብ ተሳቲፍና ኣይተሳተፍና እነምጽኦ ለውጢ የለን ካብ ዝብል ዕግበት ካብ ፖለቲካ ዝርሕቁ ኣለዉ። ከምኡ ውን፡ ደረጃ ትምህርትን ንቕሓትን ኣብ ተሳትፎ ናይ ገዛእ ርእሱ ጽልዋ ከምዘለዎ ዝሰሓት ኣይኰነን።

ካብ'ዚ መግለጺ'ዚ ብምብጋስ፡ ነፍስወከፍና እንታይ ዓይነት ተሳትፎ ይገብር ኣሎ ንምፍላጥ ኣጸጋሚ ኣይኰነን። ገሌና፡ ኣብ ሓንቲ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣብ መብዛሕትኦን እዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘለዋ መልክዓት ናይ ፖለቲካ ተሳትፎ ግደ ክህልወና ይኽእል ኢዩ። ገሌና ድማ፡ ተሳትፎና ኣብ ሓንቲ ወይ ክልተ ካብ'ዘን መልክዓት ጥራሕ ዝተደረተ ክኸውን ይኽእል። ብሓፈሻኡ ግን፡ ኣብ ኤርትራ ስልጣን ጨቢጡ ዘሎ ጕጅለ፡ ተቓወምቲ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ውድባትን ከንጥፉ ስለዘየፍቅድን፤ ናይ ምዝራብ፡ ምጽሓፍ፡ ምውዳብን ምቅዋምን ናጽነታት ስለዘየሎን፤ እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝርከብ ህዝብና ዘላቶ እንኮ ዕድል እታ ናይ ድኹማን መሳርሒ ምጥቃም ጥራሕ ኢዩ። ንመደባት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዘይምምእዛዝ፡ ንስደት ምምራሕ፡ ብዋዛን ደርፍን ኣምሲልካ ንግናይ ተግባራትን ፖሊሲታትን ናይ'ቲ ስርዓት ምቅላዕ፡ ንትእዛዛትን መምርሒታትን ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ምዕንቃፍ፡ ናይ ብርዒ ስም ተጠቒምካ ነቲ ስርዓት ዝነቅፉ ይኹን ንተግባራቱ ዘቃልዑ ጽሑፋት ምውጻእ ...ወዘተ ገለ ካብ'ቶም ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝረብ ህዝብና ዝጥቀመሎም ናይ ተቓውሞ መልክዓት ኢዮም።

ኣብ ደገ ዝርከብ ህዝብና ግን፡ ኣብ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ኣብ ሲቪላውን ናይ ሞያ ማሕበራትን ተወዲቡ ነቲ ስርዓት ንምቕያር ዝቃለስን፤ ብጽሑፍ፡ ብቃልን ብሰላማዊ ሰልፍታትን ተቓውሞታቱ ዝገልጽ፤ ነቲ መንግስቲ በብእዋኑ ዝምህዞ ናይ ገንዘብ መእከቢ ስልታት ንምፍሻል ብዙሕ ጻዕርታት ከካይድ ይርከብ። ገለ ድማ፡ እቲ ስርዓት ንዝሕንጽጾ

መደባት ኣሜን ኢሉ ዝፍጽም ኣሎ። ዝበዝሐ ክፋል ናይ'ቲ ኣብ ደገ ዝርከብ ህዝብና ግን ካብ ዝኾነ ይኹን ፖለቲካዊ ተሳትፎ ርሒቑ ናይ ተዓዛባይ ቦታ ሒዙ ኢዩ ዝርከብ።

ነዚ ደስኪሉ ዘሎ ዓቕምታት'ዚ ንምብርባርን ፖለቲካዊ ተሳትፎ ናይ ህዝብና ክብ ንምባልን ብዙሕ ጻዕርታት ከምዝሓተና ብሩህ ኢዩ። ጻዕርታትና ፍረ መታን ክርከቦ ግን፡ ኣብ ዓወት ከብጽሕ ኣብ ዝኽእል ስትራተጂ ዝተመርኰሰ ክኸውን ኣለዎ። ንሱ ከኣ፡-

1. ተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ሓደ ጽላል ምጥርናፍ። ተመሳሳሊ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ድማ ከምዝጸናበሩ ምግባር። በዚ ኣገባብ'ዚ ናይ ህዝቢ እምነት ንምኽሳብን ንህግዲፍ ክትክእ ዝኽእል ሓይሊ ንምፍጣርን ይከኣል፤
2. ተቓወምቲ ውድባት ኣብ ሕድሕዶም ዘካየድዎ ናይ ጸለመ ወፈረታት ደው ኣቢሎም፡ ብፖለቲካዊ መደብ ዕዮኦምን ብስርሖም ጥራሕ ክዛረቡ ክኽእሉ ኣለዎም። ኣብ ርእሰ'ቲ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ተቓወምቲ ዝገብሮ ጸለመታት፡ ተቓወምቲ ባዕላቶም ውን እንተወሲኾምሉ፡ ህዝቢ ክስዕቦም ፈጺሞም ኣይክእልን ኢዩ። ብጸለመ ወይ ናትካ ገዲፍካ ናይ ካልእ ክፉእ ብምዝራብ ጥራሕ ክዕበ ከምዘይክእል ድማ ብሩህ ኢዩ፤
3. ሲቪላዊ ማሕበራት ውን፡ ዓቕሞም ኣውሃሂዶም ኣንጻር'ቲ መላኺ ስርዓት ከምዘውዕልዎን፤ ንመሰላት ናይ ህዝቦም ብትሪ ክጣበቑን ምግባር፤
4. ናይ ተቓወምቲ ማዕከናት ዜና ብዝተዋሃሃደን ዝተጸንዐን መደብ ዕዮ ከምዝወፍሩ ምግባር፤
5. ኵሉ ኤርትራዊ በብዓቕሙ ኣብ ምድኻም ናይ'ቲ ስርዓት ክሳተፍ ምትብባዕን ንተቓወምቲ ውድባት ኵሉ መዳያዊ ደገፉት ምብርካትን፤
6. ኣህጕራዊ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ጐድኒ ፍትሓዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ደው ከምዝብልን፤ ንጕዳይ ስደተኛታት ኤርትራውያን ዝግብኦ ኣቓልቦ ክገብረሉ ምድፍፋእን ...ወዘተ ኢዩ።